ትምህርተ ልሳነ ግእዝ

ቀዳማይ ትምህርት

፩.ሐጺር ታሪከ ግእዝ

፩.፩.ቅድመ ግእዝ፦ልሳነ ሳባ

ቋንቋ ሳባ ናይ ሳባውያን ቋንቋ ፣ዩ፤ሳባውያን አብ ትግራይ ዘነበሩ ዓሌት ፣ዮም።በቲ ቋንቋኦም ሳባውን ተባሂሎም።ኒመጀመርታ ጊዘ ቋንቋ ሳባ ዝተናገሩ፣ ፊደል ሳባ ዝቐረጹ ሳባውያን ፣ዮም። ሳባውያን ሳባ ቋንቋ አብ ማሕበረ ሰብእ ሕይወት ዝለዐለ አስተዋጽኦ ኪህልዎ፣ቢሥነ ጽሑፍ ካዓ ኪዐቢ ጌሮምዎ ፣ዮም።ስለዚ ሳባ ቋንቋ ናይ ማሕበረ ሰብእ መረዳድኢ ካብ ምኺን ሐሊፉ ናይ ሥነ ጽሑፍ ቋንቋ ኮይኑ ኒብዙሕ ዘመናት አብዝለዐለ ብርኪ በጺሑ ዝነበረ ልዑል ቋንቋ ፣ዩ ነይሩ።አብ ዘመነ ሳባውያን ዝነበረ ሳባዊ ሥነ ጽሑፍ አብ ፓቲረስ፣አብ አብ ሳንቲማትን ዝጸሐፍ ከምዝነበረ ሐደሐደ ርኢቶታት እንተሀለወ ፣ውን ቢጭቡጥ መረዳእታ ግን አብ እምኒ ይጸሐፍ ከምዝነበረ አሰርም ዘይጠፍእ ሐደግታት ክሳብ ሕዚ ምስክርነቶም እናህቡ ይርከቡ።ንአብነት አብ የሐ፣አብ አክሱም፣አብ ጎሎመኾዳ አብ ዘለዉ ሐወለቲታት ዘሎ ናይምኒ ሳባዊ ጽሑፍ፣አብቀረባ ጊዘ ድማ አብ ውቅሮ ክልተ አውላዕሎ ቢኺዕቲ ዘተረኸበ ናይ እምኒ ሳባዊ ጽሑፍ ቀወምቲ ምስክራት ፣ዮም።እዞም ሐድጊታት እዚኦም አብዚ እዋንዚ ሳባ ቋንቋን ሥነ ጽሑፍን ንምጽናዕ ዓቢይ ፍልፍል ኮይኖም የገልግሉ ነይሮም አለዉ ፣ውን።

ሳባዊ ሥነ ጽሑፍ ብፓፒረስ፣ቢብራና ተጻሒፉ ከይርከብ ናይ ዘመናት ርሕቐትን ዝተፈላለዩ ሽግራትን እንተዓገትዎ ፣ውን አብቲ እዋን ፣ሱ አብዝቐሙ ሐውልታትን፣አብ ዝተፈላለዩ ናይ ነሓስን ናይ ብረታን ሳንቲማት ተጻሒፉ ብምጽንሑ አሰሩ ካብ ምጥፋእ ክድሕን ክኢሉ ፣ዩ።

ቋንቋ ሳባ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ዘመን ግልጋሎቱ ካሊእ ቋንቋ ናይ ምፍጣር ጠባይ ክርኢ ጀመረ።ካብ ባዕሉ ድማ ተመሳሳሊ ቋንቋ ክርከብ ክኢሉ።እቲ ካብኡ ዝተረኸበ ሐዱሽ ቋንቋ ድማ ግእዝ ይበሃል።ግእዝ ካብ ሳባ ቋንቋ ተረኺቡ ቅልቅ ምባል እንትጅምር ንዝተወሰነ ጊዜ ሐቢሮም ክንገሩ ጀሚሮም ነይሮም ፣ዮም።እዚ ማለት ድማ ፊደሉ(ጽሑፉ) ሳባ፣ መረዳድኢ ቋንቋኡ ግእዝ ብምኺን ማለትዩ።በዚ መንገዲ ፣ዚ ክሳብ 324 ዓ/ም ሐቢሮም ሕብረተ ሰብእ ከምዘገልገሉ ሐደሐደ ፍልፍላት ይሕብሩ።[1] ከምዚ ፣ሎም ብሐባር እናተነገሩ ኒብዙሕ ዘመን ድሕሪ ምጽኑሖም ሳባ ቋንቋን ፊደልን ክብከባቢ 350 ዓ/ም ጀሚሩ ክብ መረዳድእን ሥነ ጽሑፍን ፈጺሙ ጠጠው ክብል ክኢሉ ፣ዩ፤አብክንድኡ ድማ ፸፯/26/ ፊደላት ሳባ ግእዝ ተባሂሎም ክፍለጡ ክኢሎም ፣ዮም። ሐደሐደ ምሁራን ዘቕርቡዎ ዝተፈላለየ ሐሳብ ከምዘሎ ኮይኑ ፸፯/26/ ግእዝ ፊደላት ክብ ሳባ ፊደል ምርካቦም ክብቲ ዝተወሰነ ምምሕያሽ ወዳኢ ክብ ሳባ ፊደል ዝረሐቐ ፍልልይ የብሎምን።እቲ ቀጺሉ ዘሎ ንጽጽሮም ተመልከት።

[1] .sergew Hable sellasse(1970)ancient and medival History of Ethiopia.

ሳባዊ ፊደል	ግእዝ ፊደል
ሀ	ሀ
ለ	ለ
ሐ	ሐ
መ	መ
ቀ	ቀ
ወ	ወ
ዘ	ዘ
ረ	ረ
በ	በ
ተ	ተ
ሰ	ሰ
ከ	ከ
ኘ	ኘ
ጎ	ጎ
ጸ	ጸ
ፈ	ፈ
አ	አ
ዐ	ዐ
ፀ	ፀ
ደ	ደ
ጠ	ጠ
ጰ	ጰ
ጸ	ጸ
ፐ	ፐ
ፘ	ፘ
ፙ	ፙ
ፚ	ፚ

ስለዚ ናይ ሳባን ናይ ግእዝን ፊደል ምምስሳል ሳባ ኒግእዝ ዘወለደ፣ግእዝ ድማ ካብ ሳባ ዝተረኽበ ምኺኑ የረድእ።በዚ ምኽንያት ’ዚ ድማ ግእዝ ሐዱሽ ሳባ ተባሂሉ ዝተጸወዐሉ ጊዜ ከምዝነበረ ይፍለጥ።ናይ ግእዝ መሠረቱ ሳባ ቋንቋ ’ዩ ተባሂ ዝንገረሉ ድማ ስለዚ ’ዩ።

ሿ.ፎ.ልሳነ ግእዝ

ግእዝ ዝብሎ ቃል ናይ ድምፅን ናይ ፊደልን ስም ’ዩ።እንትጸሐፍ ድማ ናይ አልፋ “አ” ሳድስ(ሻድሻይ) ፊደል “እ”አብ ማእኸል እናአተወ “ግእዝ” ተባሂሉ ይጸሐፍ።ግእዝ ማለት ቋንቋ፣ ነጻነት፣ባህሊ፣ጠባይ፣ልማድ ማለት ’ዩ።ኒአብነት “እም ዕብራስጢ ጎበ ግእዝ” ካብ ዕብራይስጢ ናብ ግእዝ እንትብል “ግእዝ” ዝብል ቃል ቋንቋ ይኸውን።“እስብክ ሎሙ ግእዛነ” ነፃነት ክሰብክሎም እንትብል “ግእዛነ” ዝብሎ ቃል ነጻነት ማለት ይኸውን።“ግእዘ ሀገር” እንትብል ድማ ናይ ሀገር ባህሊ፣ልማድ ማለት ይኸውን።“ይሔይስ ግእዝ ሠናይ” እንትብል ሠናይ ጠባይ የሓይሽ ማለት ይኸውን።ስለዚ ንዞም ከምዚኦም ዝበሉ ትርጉማት ግእዝ ዝብል ቃል ኩሉሻዕ ብአልፋ “አ” ይጸሐፍ። ሐደሐደ ሰባት ግን “ግእዝ” አብክንዲ ማለት “ግዕዝ” እናበሉ ይጽሕፉ።እዚ ፍጹም ስሕተት ’ዩ። “ግዕዝ” ዝብል ቃል ጉዕዞ፣ሰደት ማለት ይኸውን። ንአብነት“አግዐዘ ዮሴፍ ሥጋሁ ለያዕቆብ” እንትብል ዮሴፍ ናይ ያዕቆብ ሥጋኡ አግዐዘ ማለት ይኸውን።ምክንያቱ ድማ ግእዝ ፊደል ንናይ ባዕሉ ድምፅን፣ቅርፅን፣ትርጉምን ስለዘለዎ ’ዩ።

ግእዝ ዝብል ስያሜ ዝተረኽበ ናይ ግእዝ ቋንቋ ሰብናይ ካብ ዝኾኑ አግአዝያን ’ዩ።ኒባዕሎም አግኣዝያን ኢሎም ፣ ቋንቋኦም ’ውን ግእዝ ኢሎም ሰይሞምዎ ’ዮም።ትርጉሙ ነጻ ቋንቋ ማለት ’ዩ።[2] ነግ ቋንቋ ማለት ናይ ካሊእ ቋንቋ ድምጽን ቅርፅን ተፅዕኖ ዘይብሉ ነጻ ድምፂ፣ ነጻ ቅርጺ/ፊደል/ ማለት ከምዝኾነ ቢሐደሐደ ሰባት ይግለጽ ’ዩ።

ልሳነ ግእዝ ብናይ ቋንቋ ዝምድናኡ ናይ ሴም ቋንቋታት ተባሂሎም አብ ዓለም ምስዝ ፍለጡ ጥንታውያን ቋንቋታት አራማይክን፣ሱርስትን፣ዕብራይስጥን፣ዓረቢኛን ወ.ዘ.ተ ይምደብ።

አግአዝያን ነቲ ዝቐረጽዎን ዘዕበይዎን ግእዝ አብ ቀርኒ አፍሪካ በሕልፊ ድማ አብ ኢትዮጵያን፣አብ ኤርትራን ማሕበራዊ፣ሥነ ጽሑፋዊ ቋንቋ ኮይኑ ክስፋፋሕ ገይሮምዎ ’ዮም።ናይ ሀገር ውሽጢ ወለዶ ጥራሕ ከይኮነ ናይወጻኢ ወለዶ ከይተረፋ ናብ አክሱም እናመጹ ይመሀርዎ ነይሮም ’ዮም።ንአብነት አቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን አብ ራብዓይ ምእት ክፍለ ዘመን አብ ቍልዕነት ዕድሜኦም መሮጵዮስ ብዝበሃል አኮኦም መሪሕነት ኤዶስዮስ ምስ ዝበሃል ሐዎም ካብ ዓዶም(ግሪክ) ናብ አክሱም መጺኦም አብ ቤት ቀጢን ካብ መምህራኑ አክሱም ግእዝ ተማሂሮም ’ዮም።እቲቀጺሉ ዘሎ ስእሊ ንመልከት።

[2] .አክሊለ ብርሃን ወልደ ቂርቆስ(1948)መጽሔተ ጥበብ ስለ ግእዝና አማርኛ ቋንቋ ታሪክ መቅድም.



እቶም ክልተ ቄልዑ ፍሬ ምናጦስን ሐዉ ኤዶሲዮስን ’ዮም ነይሮም።።ፊደለ ግእዝ እናምሀረ ዘሎ ድማ ናይ አክሱም ሊቀ ከህናት ዝነበረ እንበረም(ደሐር ሕዝበ ቀድስ) ይበሃል።

ፍሬ ምናጦስ(አቡነ ሰላማ) ናይ ግእዝ ፍልጠቶምን ናይ አእምሮ ብስለቶምን ምስዓበየ ድማ ምስአክሱማውያን ሊቃውንት ኮይኖምካብ 335-350 ዓ/ም አብዘለዉ 15 ዓመታት አብ ግእዝ ቋንቋ ዝተፈላለየ ናይ ቋንቋ ምምሕያሽ አበርክቶታት አበርኪቶም ’ዮም። ንአብነት ንሶም ዝተምህርዎ ግእዝ አናባቢ አይነበርን፤ከልኣይ ድማ ካብ ጽጋም ናብ የማን ይጸሐፍ ነይሩ።አብዚ ጊዜ እዚ ግን

- አናባቢ ምልክት(- ዐ) አብሕድሕድ ፊደል ግእዝ ሠሪዖምሉ፤ንአብነት “ሀ” ፊድል ሁ፣ሂ፣ሃ፣ሄ፣ህ፣ሆ እናበለ ክራባሕ ገይሮምዎ ’ዮም።
- ካብየማን ናብጸጋም ክጸሐፍን፣ክንበብን ገይሮምዎ ’ዮም፤.ንአብነት መ.ሐ.ለ.ሀ ዝብል ዝነበረ ሀ.ለ.ሐ.መ.ወዘተ ከምማለት ’ዩ።

  እዚዩ ናይ ግእዝ ምምሕሽ ምስፍሓሕ ክበሀል ዝኽእል አስተዋጽኦ ’ዩ። በዚ ምኽንያት ’ዚ ድማ አብ አክሱምን ከባቢኣን አብዘለዉ ሐውልታት አናባቢ ዘለዎን ዘይብሉን ናይ ግእዝ ጽሑፍ ይርከብ።ተስዓቱ ቅዱሳን አብ አኽሱም ዝተምህርዎ ፊደል ግእዝ እዚ አናባቢ ዘለዎ ግእዝ ’ዩ።

ልሳነ ግእዝ አብዚ ጽኑዕ መሠረት ’ዚ ስለዝተመሥረተ ድማ አብ ዓለም አድናቐት ዘትረፉ ቅዱሳት መጻሕፍት ናይ ሃይማኖት፣ናይ ዜማ፣ናይ ቅኔ፣ናይ ጥበብ(ፍልስፍና)፣ናይ ሥርዐት፣ናይ ታሪክ ናይ ባህሊ ናይ ሥነ ከዋክብትና ሥነ ፀሐይ ወ.ዘ.ተ መጻሕፍቲ ተጻሒፎምዎ ’ዮም።

አብዚ እዋን ’ዚ ልሳነ ግእዝ አብ ኢትዮጵያ ቤተ ክርስቲያን ናይ ሃይማኖትን፣አምልኮን ቋንቋ ኮይኑ ግልጋሎት እናህበ ይርከብ።ከምዝፍለጥ ናይ ኢተዮጵያ ቤተ ክርስቲያን መምህራን አብየቤተ ክርስቲያኑ እናምህርዎን፣እናጸሐፍዎን፣ብዙሓት ተምህሮ ድማ በቢደረጀኦም እናተመህርዎ ይርከቡ።ናይ ዓለም ማሕበራዊ ሳይንስ ምሁራን ’ውን አብዝተፈላለየ ዓበይቲ ተቅዋማት ጽንዓትን ምርምርን እናካየድኡ ይርከቡ።

- ካብዚ ኒላዕሊ ስፍሕ ዝበለ ታሪክ ግእዝ ኒምምርማር ልሳናተ ሴም መጽሐፍን ካልኦትን ምምልካት ቓሚ ምኽኑ ክሕብር እድሊ። ትምህረተ ፊደል ይቅጸል
- ሠናይ ትምህርቲ